# ጸሎተ ኃሙስ

## ሚያዝያ 24 2016 ዓ.ም. (5/02/2024)

ንባባት፡ 1ቆሮንጦስ 11፡23-26፤ 1ጴጥሮ 2፡12-25፥ ግ.ሓ.27፡8-23፥ ዮሓ 13፡1-15

ስብከት፡ ወሠራዕከ ማእደ በቅድሜየ በአንጻሪሆሙ ለእለ ይሳቅዩኒ፥ ወአጽሓድከ በቅብእ ርእስየ፥"እንጻር እቶም ዝሳቕዩኒ ኣብ ቅድመይ መእዲ ሰራዕካለይ፥ ንርእሰይ ብቕብኢ ኣለስለስካዮ" መዝ.23፡

ጸሎተ ሓሙስ ወይ ሓሙስ ጽግቦ ፍሉይ ዕለት ኣብ እምነት ክርስትና እዩ፥ ምኽንያቱ ኢየሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ሞቱ ዝዓበየ ፍቕርን ዝኽርን ዝሓደገሉ ዕለት ስለ ዝኾነ። በዚ ዕለት ቅዱስ ቍርባን፥ ምስጢረ ክህነት ክመኡ ኣገልግሎት ኣድሕድ እቲ ዝዓበየ ኣብ ቅድስና ዝወስድ ምዃኑ ገሊጹልና።

ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ኣብ ምድረ ፍልስጢኤም ናብራ ከቢድ ኢዩ ነሩ። ፍሉጥ መጋበሪ ጉዕዞ ብእግሪ እዩ ነሩ። ሰባት ነውሕን ዓቕብ ቁልቁለት ይጉዓዙ ነሮም፥ ደሮና ጽምኢ ፀሓይ ኩሉ ተሓዋዊሱ ሰባት ኣብ መገዲ ድኻም ጥመት ይብርትዖም ነሩ። ብዙሕ ጉዕዞ ብእግሪ ምስተጎዓዝካ ኩሉ እግርኻ ማይ ይመልእ ድኻም ካብ ዓቕን ንላዕሊ እዩ ዝወርደካ። ናይ እዚ ተመክሮ ኣብ ገድሊ ዝነበሩ ብፍሉይ ክነግሩና ይኽእሉ። ተመሃሮ ከሎና 1977~1982 በቲ ዝነበረ ጽንኩር ኩነታት ሃገርና ኩሉ መጎዓዝያ ስለ ዘይነበረ ብእግርና ካብ ኣሥመራ ንከረን ንጉዓዝ ነርና ንአሽቱ ዝነበርና ብዙሕ ይኸብድ ኣይነበረን እንተ ኾነ ንብዙሓት ካባና፥ እቲ ምረት ጉዕዞ ጽምኢ ጥመት ዘይርሳዕ ተመክሮ እዩ። ኣብ መገዲ ብዙሕ እንዕርፈሉ ቦታታት ነሩ ዓዲ ብደል፥ ሃብረሺቆ፥ ለበንታርብ፥ብርዖና ድምበ ሃብተጻን፥ ሓዲሽ ዓዲ፥ ጀርተም፥ ሓሊብመንተል። በቲ እዋን ልዕሊ ኹሉ እንደልያ ዝነበርና ዝስተ ማይን እንተ ተኻእለ እግርና ክንሕጸብን እዩ። ነውሕ ምስተጎዓዝካ እግርኻ ክትሕጸብ እንከሎኻ ዝስምዓካ ናይ ብሓቂ ዝሕድስ ዘዕርፍና ንሓዲስ ጉዕዞ ክትቅጽል ዝሕግዝን እዩ።

ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ሓደ ምልክት ኣኽብሮት ንጋሻ ዝግበር ዝነበረ ነውሕ ተጓዒዙ ዝመጸ ጋሻ ብውዑይ ማይ ገርካ እግሪ ምሕጻብን ምድራዝን እዩ ነሩ። እዚ ብዙሕ ጊዜ ብባሪዩን ሰራሕተኛታት እዩ ዝግበር ነሩ። ነዚ መሰረት ገሮም ኣብ ሃገርና ከምዚ ሎሚ ከይተረፈ ጋሻ ምስ መጸ ቀልጢፎም እግሩ ይሓጽብዎ ወይ ማይ ንእግሩ ክሕጸብ ይቕርቡሉ። ኣብ ገዳማት ሃገርና (ናይ ተዋህዶ) ነጋይሽ ተቐላጢፎም እግሮም እዮም ዝሓጽብዎም።

ኣብ ምድረ እስራኤል ብግዜ ኢየሱስ ነዚ ዝተዓዘቡ ኣብ መገዲ ዝደኸሙ ዘዕርፉሉ መዕረፍ ኣጋይሽ ክገብሩ ጀሚሮም በዚ ኸእ መንገደኛታት ኣዕሪፎም ተሓዲሶም ጉዕዝኦም ይቕጽሉ ነሮም። በዚ ምኽንያት ነቲ መዕረፎ ኣጋይሽ "Restaurants" ኢሎም ክሰምይዎ ጀሚሮም ምኽንያቱ ነቶም ደኺሞም ዝነበሩ ሓዲሱ ሓይሊ ዝመለስ ስለ ነበረ። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ክሓጽቦም እንከሎ በዚ ርድኢት ወሲዶሞ ይኾኑ እዮም። እዚ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ዘሎና ርድኢት ብዝያዳ ዘብርሃልና እዩ።

ቅዱስ ቍርባን ብመንጽር ሕጽበት እግሪ ክንርእዮ እንከሎና ንኹሎም ኣብ ጉዕዞ መገዲ ሕይወት ዘለዉ ሓዳስን ዘበራትዕን እዩ። ሕይወት ክርስትያን ኣብዚ ዓለም ነጋዳይ ማለት ኣብ ጉዕዞ እዩ ዘሎ። እቲ መገዲ ነዊሕን ብርቱዕን ዓቐብን ቁልቁለትን ዝመልአ ኣድካሚ ጉዕዞ እዩ። ኣብ መንጎ

ጉዕዞ እንከሎና እቲ መገዲ ከቢድ ስለ ዝኸውን ደኺምና ንድሕሪት ክንምለስ ይፈታተነና እዩ። እንተ ኾነ ኢየሱስ ነቲ ከቢድ ጉዕዞ ተስፋ ቆሪጽና ከይነቋርጾ ኢሉ ኣብኡ ነቲ ዘቐንዝወና ቃንዛ ኣእጋርናን ነቲ ብድኻም ምቕጻል ሓሚቑ ዝነበረ ሕልናና ከበርትዕ ኢሉ እሞ መገድና ክንቅጽል ኢሉ ቅዱስ ቊርባን ሂቡና። ንሓደ ኣብ ኣፍደገ ሞት ዘሎ ሰብ ቅዱስ ቊርባን ነብጽሓሉ (ኣብ ላቲናዊ ስርዓት viaticum which means “provisions for a journey”) እዚ ኸአ ነቲ ዝጉዓዞ ዘሎ ናይ ሞት ጉዕዞ ርእዩ ክኽእል እሞ ንንስሓን ንቅድስናን ክሰናዶ የቕርቦ። ቅዱስ ቊርባን ኩሉ ጊዜ ሓድሲ እዩ፥ ኣብ ቅ. ቊርባን ኣብ ኣምላኽ ገጹ ዝወስድ መገዲ ክንክተል ዘበራትዕ ሓይሊ ይህበና።

ኣብ ወንጌል ጴጥሮስ ኢየሱስ እግሩ ክሓጽቦ ምስ ሓተቶ ኣይተቐበሎን። ጴጥሮስ ኣነ ድአ እግርኻ ክሓጽብ ይግብአኒ እምበር ንስኻዶ እግረይ ክትሓጽብ ኢሉ ተኸራኺሩ። ኣብ ገለ እዋን ሰባት ክሓጽቡና ሱቕ ኢልና ክንርኢ ኣይንቅበሎን ኢና፥ እንተኾነ ብኻልእ እግርኻ ምሕጻብን ናይ ካልእ እግሪ ምሕጻብን ኣብ ክርስትያናዊ ሕይወት ከም ክልተ ገጸ ናይ ሳንቲም እዩ።

ቀዳማይን ኣድላይን ነገር ጎይታና ክሓጽበና ክንፈቅደሉ እዩ። ከምቲ ኢየሱስ ንጴጥሮስ ዝበሎ እዩ ኣነ እንተ ዘይሓጸብኩኻ ምሳይ ሱታፌ የብላካን (ዮሓ 13፡8)። መጀመርያ ጎይታና ኣጽርዩ ይሓጽበና እሞ ናቱ ንኸውን። እዚ ምስ ገበርና ንኻልኦት ብክርስቶስ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ክንሓጽብ ክእለት እንቕበልን ብቊዓት እንኸውን። ጴጥሮስ ነዚ ሓቂ ክርኢ ምስጀመረ ከምዚ እናበለ ተዛሪቡ ጎይታይ እምብአር ኣእዳወይን ርእሰይን ድማ እምበር ኣእጋረይ ጥራይ ኣይኮነን (ዮሓ 13፡9) በሎ። እዚ ኹሉ ክኸውን ኣምላኽ ካባና ዝደልዮ ንሕና ኣብ ቅድሚኡ ንርእስና ህልዋት ክንከውን እሞ ክሓጽበና ክነፍቅደሉ።

እቲ ካልእ ገጽ ናይ እቲ ሳንቲም ብማዕሪኡ ኣድላዪ እዩ፥ ጎይታና ኣእጋርና ምስ ሓጸበና ንሕና እውን ናይ ካልኦት ኣእጋር ክንሓጽብ ክንከይድ ኣሎና። ኢየሱስ ነርድእቱ ኣእጋሮም ምስ ሓጸቦም ከምዚ ኢልዎም፡ እዚ ዝገበርኩልኩምሲ ኣስተውዒልክምዎዶ ኣሎኹም፥ ንስኻትኩም መምህር ጎይታ ኢልኩም ትጽውዑኒ ከምኡ ስለ ዝኾንኩ ኸአ ጽቡቕ በልኩም፥ ኣነ ጎይታን መምህርን ከሎኹ ኣእጋርኩም ካብ ሓጸብኩ ንስኻትኩም እውን ከምኡ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትሓጽቡ ይግብኣኩም እዩ (ዮሓ 13፡12~15)።

ኣብዚ ኢየሱስ ነቲ ንሱ ዝገበሮን ነቲ ሓዋርያት ንኻልኦት ክሓጽቡ ዝገብርዎ የራኽቦ። ቅዱስ ቊርባን ጎይታና ኣእጋርና ዝሓጽበሉ ቦታ ካብ ኮነ፥ መዓልታዊ ሕይወትና ቦታ ናይ ካልኦት ሰባት ኣእጋር ክኸውን ይግባእ። ቅዱስ ቊርባን ኣብ ሕይወት ይመርሕ ኣብ ቅ. ቊርባን ይመርሕ። ሓቀኛ ኣኽብሮት ቅ. ቊርባን ኣብ ኣገልግሎት ካልኦት ክመርሓና ይግባእ። ኢየሱስ እቲ ንእንገራ ቊርባን ዝቐረሰ ኣእጋር ኣርድእቱ ሓጺቡ። ኩልና ኣብነቱ ኣብ መኣዲ መንበረ ታቦትን ኣብ ታቦት ሕይወትን ክንክተል ይግብኣና።

ኣብ ባህሊ ብዙሓት ኣሕዛብ ለበዋ ናይ ሓደ ዝመውት ሰብ ክቡር እዩ፥ ብሕጊ እውን ለበዋ እንተ ኣልዩ ተቐባልነት ኣለዎ። ኩሉ ሕይወትን ተግባርን ተላባውን ኩሉ ኣብ ሕይወቱ ዝገበሮ ብመንጽር እቲ ኣብ መጨረሽታ ዝበሎ ተራእዩ ሓዲስ መልክዕ ይለብስ። ሎሚ ኣብዚ ዕለት እንፍጽሞ ዘሎና ናይ ኢየሱስ ሞትን ትንሣኤን ናይ መጨራሽታ ለበዋ ስለ ዝኾነ ኣብ ሕይወትና እንታይ ትርጉም ኣልኦ ኢልና ክንሓስብ ግቡእ እዩ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን ፋሲካ ኣይሁድ ነቲ እግዚኣብሔር ንህዝቡ ከድሕን ዝገበሮ ይገልጸልና (ዘፀ 12፡1-14)። ኣብዚ እነስተንትኖ እግዚኣብሔር ብማእከልና እና ሓለፈ የድሕነና፥ ይምግበናን የገልግለናን። እቲ ተበግሶ ዝወሰደ፥ እቲ ተጻወርነት ዘርኣየ፥ ንርእሱ ኢሚንቲ ቆጺሩ ዝቐረበ

እግዚአብሔር እዩ። አብዚ ዓቢ ግሩም ፍጻሜ ንሕና ዘበርከትናዮ ወላ ሓንቲ የለን። ካባና ዝድለ ንግሩም ህያባት አምላኽ ክንቅበል ንርእስና ክንከፍት እዩ። አምላኽ ከም መልአከ ድሕነት ኮይኑ ብመንጎና ይሓልፍ፥ ካብ ኩሉ ጉድአት ይሕልወና፥ካብ ባርነት አብ ናጽነት ይመርሓና። ንሕና ክንገብሮ ዘሎና ነቲ ብአምላኽ ዝቐርበና በዚ ዘደንቕ ፍቕሪ ድሕነት ዝገለጸልና ምቕባል።

አብ አምላኽ ከመይ እንተ ገበርኩ እየ ዝምለስ?

አብዚ መዓልቲ ቅ. ቍርባን እታ ሓንቲ መልስና አኮቴት ምቕራብ ጥራሕ እዩ። ንአምላኽ ክነመስግን እንተ ኸአልና ሽዑ ንርእስና ንኽፍት አሎና ማለት እዩ። ንአምላኽ ብጸግኡ ክሽልመና ነፍቅደሉ አሎና ማለት እዩ። አብቲ አምላኽ ዝገበሮ ዓቢ ናይ ድሕነት ግብሪ ንሳተፍ። አኮቴት ክነቕርብ እንከሎና ነቲ ናይ አምላኽ መስዋዕቲ ክንቅበል ቅርቡነትና ኢና እንገልጽ። አብቲ መዓጹ እስራኤላውያን ዝተለኽየ ደም ናይ ድሕነት ነጻነትን ምንጪ ዝኾነ፥ አብቲ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን መስዋዕቲ መግብናን መስተናን ዝኾነ፥ አብቲ መስዋዕቲ ኢየሱስ ንርእሱ ኢሚንቲ ገሩ ምእንቲ አገልግሎት ካልኦት ኢሉ ከም አብነትን ዘቕረቦ አብኡ ኢና እንሳተፍ።

ኢየሱስ ነዚ ንዝኽረይ ግበርዎ ክብለና እንከሎ አብ መጨረሽታ ሕይወቱ ለበዋ ይሓድገልና አሎ ማለት እዩ። ቅድሚ ናብ ሰማያዊ አብኡ ምኻዱ ናይ መወዳእታ መግለጺ ፍቕሩ ንሓዋርያቱ ገሊጽሎም። ቅዱስ ዮሓንስ ነዚ ክገልጽ እንከሎ፥ ኢየሱስ ቅድሚ በዓለ ፋሲካ ካብዛ ዓለም እዚአ ናብ አብኡ ዝኸደላ ሰዓት ከም ዝበጽሐት ፈሊጡ ነቶም ዘፍቅሮም አብዛ ዓለም እዚአ ዘለዉ ናቱ፥ ክሳዕ መወዳእታ አፍቀሮም (ዮሓ 13፡1) ይብል። መአዲ ቅዱስ ቍርባን ንኹሉ ናይ ድሕነት ስርሕ ሎሚ አባና ሕያው ይገብሮ። ንዝኽሩ ኢልና አብ ስጋን ደምን ክርስቶስ ክንሳተፍ እንከሎና ብሓቂ ነቲ ኩሉ ኢየሱስ ዝገበሮ፥ ዘስተምሃሮን ዝተሳቐዮን ምእንቲ ድሕነትና ክሳብ ብግርማ ዳግማይ ምጽአቱ ኢና እንገብር ዘሎና። አብ ጸሎተ ኃሙስ ብገዛእ ፍቓዱ ዝገበሮ ምልክት ንድሕሪትን ንቅድሚትን ዝጠመተ እዩ።

ሎሚ እምብአር ትንሕትና ለቢስና አብ አገልግሎት አምላኽን አሕዋትናን ክንጽመድ መብጽዓና እንሕድሰሉ ዕለት እዩ። ኮኖሙ አበ ወእመ መወሃሮሙ ጥበበ እግረ አርዳኢሁ ሓጸበ እናበልና ክንዝይምን ክንጽልን እንከሎና ነቲ ክርስቶስ ዘስተምሃረና ፍቕሪ አብ ልብና አሕዲርና ሓዲስ ርክብ ክንምህዝ ይደልየና አሎ።

አብዚ ብሩኽ ዕለት መግብና መአዲ ክርስቶስ ገርና አብ ፍቕሪ ክንጥመር እሞ ንዝተጋገየ ሓውናን ሓፍትናን አብ መአዲ ክርስቶስ ክቐርቡ ክንሕግዞም ክንወፍር። ስጋይ ዝበልዐ ደመይ ዝሰተ አነ አብኡ ንሱ አባይ ይነብር ኢሉና አሎ እሞ አብ መአዱ ልብና አንጺሕና ንቕረቦ።

በዚ አጋጣሚ ምስጢረ ክህነትን ቅዱስ ቍርባና ዝተሰርዓሉ ነብዕል ስለ ዘሎና ንኩሎም ካህናት አምላኽ ብጸግኡ ክባርኾም አብ ኩሉ ተልእክኦም እሙናት አገልገልቱ ኮይኖም ክርከቡ ክሕግዞም አብ ጸሎትና ክንዝክሮም እናተላቦኹ ብሩኽ ብዓልን ብሰላም አብ ብርሃነ ትንሣኤ አብጺሑ አብ ዓድናን ዓለምናን ሰላሙ የውርደልና እናበልኩ ሰናይ ትምኒተይ እገልጽ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ